ዝተፈላለዩ ዉልቀ ሰባት፣ ናይ በዓል መዚ ስደት ጀርመን ወይ ድማ International Organization for Migration (IOM) ወግዓዊ ተሌፎን ብምጥቃም፣ ከም ሰራሕተኛታት ናይ IOM ጀርመን ተመሲሎም ንሰባት ብሓይሊ ኪንጥርዘኩም ኢና ኢሎም ብፍርራሕ ገንዘብ ይጠልቡ ከም ዘለዉ ኣብ ኣቓልቦ IOM ጀርመን በጺሑ ኣሎ።

እዚ ዘጋጥም ዘሎ ኩነታት ናይ ምፍርራሕን ገንዘብ ምጥላብን ብኸምዚኦም ዓየንት ዉልቀ ሰባት ካብ IOM ከምዘይኮነ ብትሪ ንሕብር። ኣዞም መደናገርቲ ሰባት ምስ IOM ዝኾነ ክኹን ርክብ ከምዘይብሎም ኣደልዲልና ነተሓሳስብ።

ስም ይኹን ወግዓዊ ቁጽሪ ተሌፎን ናይ IOM ብከምዚ ኣገባብ ምጥቃም ዘይፍቑድን ብሕጊ ዘሕትትን ጉዳይ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ  ኣንጻር እዚ ሽፈጠን ምድንጋርን፣ IOM ኣድላዪ ስጉምትታት እናወሰደ ይርከብ።

ነዞም ስምን ቁጽሪ ተሌፎንን IOM ብምጥቃም ኣብ ሽፈጥ ተዋፊሮም ዝርከቡ ኣካላት፤ ዉልቃዊ ሓበሬታኹም ይኹን ገንዘብኩም ምሃብ ኣብ ዘይተደልየ ከቢድ ናይ መንነት ቅልውላዉን፤ ናይ ገንዘብ ክሳራን ክስዕበልኩም ይኽእል። በዚ ኣጋጣሚ እዚ IOM ሰባት ካብ ከምዚ ዓይነት ኣዳናጋሪ ናይ ተሌፎን ምድዋል ይኹን ኢመይል ኣድላዪ ጥንቃቐ ክወስዱ ኣጥቢቑ የተሓሳስብ።

ካብ ከምዚኦም ዓይነት መደናገርቲ ኣካላት ኣጠራጣሪ ተሌፎን ተደዊልኩም፤ ወይ ኢመይል በጺሕኩም ምስ ዝኸውን፤ ብኽብረትኩም በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ኣድራሻ ሓብሩና
iom-germany@iom.int ወይ ድማ abuse@iom.int